03//27/2013።

ምሕዝነታዊ ደገፍ ንሃገራውያን ኤርትራውያን ተቐማጦ ሃገረ-ሽወደን
ካብ ሃገራዊ ኤርትራዊ ማሕበረ-ኮም ከተማ ቦስቶን ከባቢኣን ሕ.መ.ኣ.

ዝኸበርኩም ብጾት፣

ኣብ ኩሉ መዓልታዊ ምንቅስቓሳትኩም ዘይሕለል ጸረ ሽበራዊ ቃልስኹም ሓያል ኩለንተነኣዊ መኽተኹምን ዓወት ንምነየልኩም።

. እዚ ኣብ ልዕሊ ህንጻታት ማሕብረ-ኮምኩም ዝተፈጸመ እከይ ተግባር ፈጺሙ ካብ ሓደ ደም ኤርትራዊ ዘለዎ ውልቀሰብ ዘይፍጸም ግዕዙይን ፍንፉንን ተግባር ኮይኑ ንወዓሊኡ እውን ዘንዕቕን ዘሕንኽን ጸረ እከይ ተግባራቱ ብምኳን ከምቲ ኣንቃዕሪሩ ዝተፍኦ ወይ ንላዕሊ ገጹ . . . ተፈጥሮኣዊ ክፉኡ ተመሊሱ ኣብ ርእሱ ዝወርድ ጉዳይ ምኳኑ ዘየማትእ ጉዳይ ኢዩ። ብሓጺር ኣበሃህላ ክንብሎ እንተኾይኑ ግን ሓደ ናይ ስነኣእምሮ ጭንቀት ዘለዎ ዓቕሉ ምስ ጸበበ ዝፍጽሞ ቀቢጸ ተስፋኣዊ ነብሰ-ቅለት ኢዩ ተፈጺሙ ክበሃል ይከኣል። እዚ ፍጻሜ እዚ ግን ኣብ ልዕሌኹም ጥራይ ዘይኮነስ ኣብ ልዕሊ ኩሉ ሃገራዊ ኤርትራዊ ኢዩ ተፈጺሙ። ኩሉ ሃገራዊ ሃሙን ቀልቡን ኣወሃሂዱ ክምክቶ ዘለዎ ጉዳይ ምኳኑ ብሩህ ኢዩ። ከምኡ ስለ ዝኾነ ንሕና እውን

1. ዘካየድኩምዎ ሰላማዊ ሰልፊ ዓዲ ነርሕቕ እምበር ግቡእን ኣውንታውን ስለዝኾነ ምሳኹም ከምዝወዓልና ብምቑጻር ምሉእ ብምሉእ ንድግፎ።
2. መንግስቲ ሽወደን ብቕኑዕ ፍርዲ ተመልኪቱ ነዞም ግብረ ሽበራውያን እዚኣቶም ዝግብኦም መቕጻዕቲ ክብይን ንሓትት።
3. ማዕከናት ዜና ሃገረ-ሽወደን ነቲ ቅኑዕ ኣመራርሓ መንግስትና ካብ ምጉባጥ ነቲ ብሩህ ሕብሩ እውን ካብ ምድዋን ክቖጠባ ብትሪ ንጽውዕ።
4. ንቶም ንሕናስ ብጽፍርና ክንብል ከሎና መኸልእ ጽፍሪ ክቕርቡልና ዝፍትኑ ጽሩይ ማይ ክንሰቲ እንተበልና ዝዘርጉልና ቤተ-ሰብና ክንረድእ እንተበልና ዝተናኾሉና መንግስታት ይኹኑ ውልቀሰባት ኣጥቢቕና ንኹንን።
5. መንግስቲ ሽወደን ንፉኖቱን መንገዱን ዳግመ-ክለሳ ብምግባር ሒዝዎ ዘሎ ኣጠማምታ ቀይሩ እቲ ቅኑዕ ስእሊ መንግስትን ህዝብን ኤርትራ ክሁብ ንጽውዕ።

ኣቐድምና ብዛዕባ እዚ ጉዳይ እዚ ድሕሪ ፍጻሜኡ ንኣብ ከተማና ዝርከብ ወካሊ መንግስቲ ሽወደን ብጽሑፍ ሓቢርና ከምዝነበርና ክንጠቅስ ንፈቱ።

ኣብ መደምደምታ፣ ሃገራውያን ኤርትራውያን ሃገረ-ሽውደን ንጅግንነትኩም ዓጸፋ ጅግንነት ንቃልስ ኹም ዝያዳ ቃልስን መኸተን ወሲኽኩም ትጎዓዙ ከምዘለኹም ንርእዮን ንሰምዖን ዘለና ስለዝኾነ ሕጂ እውን ኣጆኹም ኣብ ጎንኹም ኣሎና፣ ንኣባይና ከም ቀደምና ብሕቡር ቅልጽምና ክንድርዕም ኢና።

ዘለኣለማዊ ዝኽሪ ንስውኣትና!
ዓወት ንሓፋሽ!
ሃገርዊ ኤርትራዊ ማሕበረ-ኮም ቦስቶንን ከባቢኣን።